# *ኣደራርሳ ወንጌላውያን*

## ካብ መጽሓፍ “ትምህርቲ ቕ.መጽሓፍ”

## ብኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ዝተደርሰ

*መባእታ*

ሊቃውንቲ ከምዚብሉና ወንጌላውያን ጽሒፈቶም ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ሞት ጐ.ኢ..ክርስቶስ እዮም ዝደርስዎ። ወንጌል ማቴዎስ ብ 70ዓ.ም ወንጌል ሉቃስ ብ70-75 ዓ.ም. ወንጌል ማርቆስ ብ85 ዓ.ም. ወንጌል ዮሐንስ ብ90-100 ዓ.ም. ከምዝተጻሕፉ ንፈልጥ። ክንድዚ ደንጒዮም ካብ ዝጽሕፉ ወንጌላውያን'ሲ ብልክዕ ንኹሉ ትምህርትን ቃላትን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጽሒፎምልና'ዶ ንዝብል ሕቶ መልሲ መታን ክዋሃቦ *መጽናዕቲና ኣብ ሰለስተ ክፍሊ* ክንመቕሎ ኢና።

*ቀዳማይ ክፍሊ፡ ብዛዕባ ቃላት ጐ.ኢ..ክርስቶስ ማለት ብዛዕባ እቲ ካብ ክርስቶስ ዝወጸ ብስራት (ስብከት ወንጌል)።*

*ካልኣይ ክፍሊ፡ ብዛዕባ ትውፊት ሐዋርያት ማለት ብዛዕባ ብስብከት ዝተመሓላለፈ ውፉይ ወንጌል።*

*ሣልሳይ ክፍሊ፡ ብዛዕባ ጽሒፈት ወንጌላውያን ማለት ብዛዕባ ዝተጻሕፈ ወንጌል ድሕሪ ምዝራብና ዝርዝር መጻሕፍቲ ኣዋልድ ሓድሽ ኪዳን ክንርኢ ኢና።*

### ፩ ብስራት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

*ወንጌል* ዝብል ቃል ካብ *ቋንቋ ግሪኽ* ዝተወስደ ብኽልተ ቃላት ዝቖመ ማለት “ኤው ኣንገልዮን” *“ሠናይ ዜና”* ወይ ድማ *“ብስራት”* ዜስምዕ መጸዋታ እዩ። ብመጀመርያ እዚ ቃል ነቲ ክርስቶስ ዚጮርሖ ዝነበረ ብስራት እምበር ከምዚ ሎሚ ፀቲኡ ድርሰት ወጌላውያን የመልክት ኣይነበረን። ኣብ ወንጌል *ሉቃስ 4፡ 18* ከምእንረኽቦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ *“ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቀብኣኒ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ እዩ”* ዚብል ጥቕሲ ካብ ትንቢት ኢሳይያስ ምስ ነበበ እቲ ትንቢት ብዛዕባኡ የመልክት ከምዝነበረ የረድእ። ብዘይካ እዚውን ወንጌል ብስራት ዚብል ቃል *ኣብ ማቴ. 11፥5 , ግብ 21፥8 ኤፌ 4፥11* ከምእንረኽቦ ነቲ ብሥራት ክርስቶስ ወይ ከኣ ነቲ ካብ ሐዋርያት ብቓል እናተመሓላለፈ ዚስበኽ ዝነበረ ትምህርቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ዜመልክት። እዚ ቃል ነቲ ዝተጻሕፈ ወንጌል ከመልክት ዝጀመረ ብ100-150 ዓ.ም. ከም ዝኾነ ኣብ “ትምህርቲ ሐዋርያት” ዚበሃል ጥንታዊ ጽሑፍ ቤተክርስትያን ንረኽቦ። ብድሕሪኡ ብዙሓት ድርሳናት ብዛዕባ ሕይወት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ዝተዘርግሑ ካብቲ ተጸውዖ ኣስማት ጽሑፍ እቶም *4 ጸሓፍቲ ወንጌል ማቴዎስ ፥ ማርቆስ ፥ ሉቃስ ፥ ዮሓንስ* ክኽውን ከኣለ። ካብ ትንቢት ሕዝቅኤል (1፡ 5-14) ዝተወስደ ከኣ በቶም *4ቱ እንስሳ ብምስጢር* ይምልከቱ *ማቴዎስ ሰብ* ፥ *ማርቆስ ኣንበሳ* ፥ *ሉቃስ ላሕሚ* ፥ *ዮሓንስ ንስሪ* ።

ኣብ ወንጌል ማቴዎስ፥ ማርቆስ ፥ ሉቃስ ዘረባ ጐ.ኢ.. ክርስቶስ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ተጠቒሱ ይርከብ። ከምኡ ድማ ኣብ ክንዲ ብአራማይስጥ (ኢየሱስ ዚዛረቦ ዝነበረ ቋንቋ ) ብቋንቋ ግሪኽ ተጻሒፉ ንረኽቦ። በዝን ብካልእን ዝተፈላለየ ምኽንያት ሓቅነት ወይ ታሪኽነት ወንጌላውያን ከየጣራጥረና ኣይተርፍን። ኣብ ወንጌል ዘሎ ኣዘራርባ ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ልክዕ እቲ ካብ ኣፍ ክርስቶስ ዝወጸ ዘረባ እዩ ክንብል ኣይንኽእልን። ግን ከኣ ሓድሓደ ቃላት ልክዕ ካብ ኣፍ ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ዝወጸ ቃላት እዩ። ከመይ ብአራማይስጥ ተጠቂሱ ይርከብ። ንአብነት *“ኣባ፤ ኣቦ” ፥ “ታሊታቁም= ታሊት ደው በሊ” ፥ “ኤፍታ=ተኸፈት”* ልክዕ ካብ ጐ.ኢ..ክርስቶስ ዝወጸ ቃላት እዩ። ኢየሱስ ንሐዋርያት ኬስተምህሮም እንከሎ በቲ ናይ ግዜኡ መምህራን ዘዘውትርዎ ዝነበሩ ኣብ ኣድባራትና’ውን ክሳብ ሕጂ ዚዝውተር ናይ ቃል ትምህርቲ ከምዝተጠቐመ ኣብ ወንጌል
*ማቴዎስ 6፡9-13፥ ማርቆስ 7፡ 6-23 ፥ ማቴዎስ 16፡ 17-19፥* ዝርከብ ሓደ ዝዓይነቱ ኣወዳድቓ ቃላትን (-ሪትም)፥ ነቲ ብማዕረ ዝጥቀስ ኣብ ወንጌል *ማቴ፡ 10፡4 ፥ ወ-ሉቃ-12፡48 ፥ ወ-ማር-2፡27 ማቴ.7፡17 ሉቃ.12፡47-48፥* ዝርከብ ተመሳሳሊ ሓሳባትን (-ፓራለሊዝም) ከም ኣብነት ክንወስድ ንኽእል። ስለዚ ሐዋርያት ትምህርቲ ክርስቶስ ኬስፋሕፍሑ እንከሎዉ ትምህርቶም ብጽሑፍ ስለዘይወረስዎ ንሳቶም እውን ንብዙኅ ግዜ ብቃል ኣመኀላለፍዎ። ወንጌል ድሒሩ ካብ ዝተጻሕፉስ እቶም ወንጌላውያን ከኣ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዘረባ ጐ.ኢ..ክርስቶስ ካብ ዝጽሕፉስ ኣየናይ ቃላት እዩ ብሓቂ ካብ ኣፍ ክርስቶስ ዝወጸ ንዝብል ሕቶ መልሲ ኪህቡ ዝጸዓሩ ብዙኅት እዮም። ካብዚኣቶም ንወንጌል በጸሓሕፋኡ በቲ እዋንቲ ዝነበረ ባህሊ ኣተሓሳስባ ልማድ እናመርመሩ ቃላት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስን እቲ ወሰኹን ኣጸቢቖም ኪፈላልዩ ዝፈተኑ *ቡልትማን ፥ ዲበልዮስ ፥ ኣልበርጽ* (Bultmon,Dibelius, albertz) ዝተባህሉ ውሩያት ሊቃውንቲ ኣለዉና። ናይ ቡልትማንን ዲበልዮስን ሓፈሻዊ ሓሳብ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

*ወንጌል ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ጽሑፍ ኣይኮነን። እንታይ ድአ ካብ ብዙሕ ንኡስ ጽሑፋትን ምስክርነት ቀዳሞት ሰባትን ዝተኣኻኸበ ዕለትን ቦታን ከይወሰነ ብዛዕባ ክርስቶስ ጥራይ ዝዛረብ ዝሑፍ እዩ።*

እዚ ስለዝኾነ ወንጌላውያን መብዛሕትኡ እናረኣዩ ዝጸሓፍዎ ታሪኽ ክኸውን ኣይክእልን። ስለዚ ወንጌል እምነት ቀዳሞት ክርስትያን ዝኀዘ መጽሓፍ እዩ።

*እምነትን ዝኸርን ክርስቶስ ከከም ቦትኡ ይፋላለ ስለዝነበረ እዞም ቀዳሞት ክርስትያን ምስ ስምዒቶምን ከባቢኦምን ኵነታቶምን (Sitz in Leben) ዝሰማማዕ ጽሑፋት ስለዝፈጠሩ ሎሚ ፬ ወንጌል ኪህልወና ኪኢሉ ይብል።*

<u>*ቡልትማን*</u> ጽሑፋት ወንጌላውያን ኣብ ክልተ ማለት ኣብ ቃላትን ተግባራትን ክርስቶስ ድሕሪ ምፍላይ ብዛዕባ ቃላት ክርስቶስ ብዘይካ ገሊኡ ምሳሌታት ቃላት ኣንፃር ሕጊ (-ፈሪሳውያን) ካልእ ኵሉ ትንቢትን ራእይን በቶም ቀዳሞት ክርስትያን ከከም ቦታኡን ግዜኡን ዝተወሰኸ ሓሳባት እዩ ኣብ ርእሲ ምባሉ ብዛዕባ ተግባራት ክርስቶስ ድማ ዝገደደ ብዘይካ ኣብ ሰሙን ሕማማት ዝተፈጸመ ተግባር (-ስቅያት፥ሰቕለት፥ ሞት) ካልእ ዝተረፈ ኵሉ ምህዞ ወይ ከኣ እምነት እቶም ቀዳሞት ክርስትያን እምበር ታሪኽ የብሉን ይብል።

*ዲበልዮስ* ኣብ መጽናዕቱ ኣመቻቒላ ቡልትማን ይውሰድ ድኣ እምበር በረኣእያኡስ ደጎን ይመስል። ንሱ ብዘይካ ገሊኡ መቃመምን መጸባበቕን ተባሂሉ ዝተወሰኸ ቃላትን ኣጋንኖን ተኣምራትን ክንዲ ፍረ ኣድሪ ዝኸወን ሓቅስ ኣለዎ ይብል። ኣልበርጽ ምስ ካልኦት ሊቃውንቲ ከም በዓል ተይሎር (Taylor) እቶም ዝሓሹ ይመስሉ።

*ኣልበርጽ* ምሉእ ጽሑፍ ወንጌላውያን ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ናይ ቃል ምትሕልላፍ ኣብ ጽሑፍ ከምዝበጽሖ እሞ እቲ ጽሑፍ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ብዝደረኾም ሰባት ከምዝተጻሕፈ ምሉእ ሓቅነት ክርስቶስ ከምዝሓዘለ የረድእና። ንሱ ከምዝበሎ ብመጀመርያ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ተመርሑ ከምዝሰበኸ ደሐር ሐዋርያት ብዕለት ጴንጠቆስጠ በብወገኖም ከምዘዳመጽዎ ኣብ መወዳእታ ከኣ ብመንፈስ ቅዱስ ተሰንዮም ወንጌላውያን ኣብ ጽሑፍ ስለዘስፈርዎ ወንጌል ብሓቂ ሕይወትን መንፈስን ክርስቶስ ዘመዝገበ ጽሑፍ እዩ ይብል።

ወንጌላውያን ነቲ ናይ ጐ.ኢ.ክርስቶስ ታሪኽ ከመሓላልፉልና ከለዉ ኣውራ ተገዳስነቶም ሕማማት፤ ሞት፥ ትንሣኤ ክርስቶስ ከም ዝነበረ በቲ ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ነፍሲወከፍ ወንጌል ብሰፊሑ ተተሪኹ ዘሎ ተግባራት ክንግንዘቦ ንኽእል። እዚ ልክዕ ናይ ወንጌላውያን ዘይኮነስ ናይቶም ቀዳሞት ክርስትያንን ሐዋርያትን ስምዒት እዩ። ብተወሳኺ እቶም ቀዳሞት ተመሳሰልቲ ወንጌላውያን ኣብ ጽሑፋቶም ተልእኾ ጐ.ኢ.ክርስቶስ ንሓደ ዓመት ከምዝጨረሸ ሓንቲ ፋሲካ ጥራይ ከምዘብዓለ ገይሮም ስለ ዘቕርቡልና ነቲ ቅድሚ ሕማማትን ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ ዘሎ 3 ዓመታት ግዲ ከምዘይገበሩሉ ክንርዳእ ንኽእል። ስለዚ ብዝመስል ንቀዳሞት ንኡሳን ክርስትያን ሕማማትን ሞትን ትንሣኤን ጐ.ኢ.ክርስቶስ ጥራሕ የቕርቡሎም ነበሩ፤ ጸኒሖ እዚ ትምህርቲ ብናይ ዮሓንስ መጥመቕ ታሪኽ፥ ብናይ ኢየሱስ ዝገበሮ ተኣምራት ዝመሰሎ ምሳሌታት ወሰኽ ብሰፊሑ ተሓትመ። ኣብ መጨረሻ ከኣ ከምቲ ኣብ ወ.-ሉቃስን ወ.-ማቴዎስን እንረኽቦ ሕይወት ክርስቶስ ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን ብናይ ሕፃንነቱን ቅድሚ ሐዋርያዊ ተልእኾ ዘሎ ታሪኽ ዓመታትን እቲ ጽሑፍ ምሉእ ኮነ።

ስለዚ ብልክዕ እዚ እዩ እቲ ቀንዲ ዘረባ ክርስቶስ እዚ ከኣ እቲ ወሰኽ ክንብሎ እኳ እንተዘይከኣልና ከምኡ’ውን ኣቀራርባ ቡልትማንን ዲበልዮስን እንተዘይቐበልና ከምቲ ኣልበርጽን ብጾቱን ዝብልዎ ኣብ ኣጸሓሕፋ ወንጌል መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ስለእንርዳእ ወንጌል ብርግጽ ብስራት ጐ.ኢ.ክርስቶስ እዩ ክንብል ንግደድ።

## ፪ ሐዋርያትን ቀዳሞት ክርስትያንን

ድሕሪ ሞት ጐ.ኢ.ክርስቶስ ገና ኣብ ጽሑፍ ዘይሰፈረ ቃላትን ተግባራትን ክርስቶስ ብቓል ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ከመሓላለፍ እንከሎ ብቃል ሐዋርያት ነቶም ቀዳሞት ክርስትያን ተሰብከ። ሐዋርያት ብክርስቶስ ተመሪጾም ተማሂሮም ተኻፊልትን ተዓዘብቲ ሕይወቱን ኮይኖም ንእኡ ኪሰብኩ ትምህርቱ ኬበስሩ ሥርዓቱ ኪተኽሉ ናብ መላእ ዓለም ተላእኩ። ንሳቶም ፍሉይ ሥልጣን ተዋሂብዎም ቀጸልቲ መደብ ድኅነቱ ኮይኖም ኮኑ (ግብ-18፡ 8-21) ። ምእንቲዚ’ውን ብልክዕ ዓምድታት ቤተ ክርስትያን ተባህሉ (ገላ- 2:4)። ብስራት ሐዋርያት በቲ ኣገዳሲ ክፍሉ ሕይወት

ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ማለት ሕማማት ሞት ትንሣኤ ክርስቶስ ጥራይ ይውሰን ነበረ። ነዚ ስብከት ትምህርቶም ብዘተኣሳሰረ ቃላትን ብተመሳሳሊ ጠርናፊ ምሳሌታትን ጥበብ ብዝመልአ ኣገባብን ሐደ ፍሉይ ቅርጺ ኣልበስዎ። እዚ ኵሉ ከኣ ኣብ መላእ ሰማዕቶም (ሰዓብቶም) ሐደን ጽኑዕን ዝሰማማዕን ኮይኑ ምእንቲ ክርከብ ከምኡ'ውን ብቐሊል መንገዲ ኣብ ልቢ (ኣእምሮ) ሰማዕቶም ኪስረጽን ክዝከርን ኢሎም እዮም ዝገበርዎ። ሐዋርያት ነቲ ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገበሮ ዝመሃሮን ብርደት መንፈስ ቅዱስ ኣዕሚቖም ኪርድእዎ ስለዝኸኣሉ እምነቶም ሓዲስን ጽኑዕን መልክዕ ስለ ዝወረሶ ኣብ ምትኅልላፍ ወንጌል ክርስቶስ ኪጋገዩ ኣይከኣሉን።

ቀዳሞት ክርስትያን ኣብ ትሕቲ ሓዋርያት ኮይኖም ዝቐሰምዎ መንፈሳዊ ትምህርትን፥ስርዓት ኣምልኾን፥ ምስጢራትን፥ በብወገኖም ኬዘውትርዎን ከስፋሕፍሕዎን ተረኺቡ *(ግብ.2፥42, 4፥32, 5፥12-16)* ማኅበር ክርስትያን ኣብ ስርዓት ኣምልኾኦም (ሊጡርጊያ) ፥ ኣብ ዝተቐበልዎ ብስራት (ከሪግማ) ኣብ ኣስተምህሮኦምን (ካተከሲስ)፥ ነዚ ብሐዋርያት ዝተመሓላለፈሎም መንፈሳዊ ጽናሕ ኬዘውትሩ ከከም ኣድላይነቱ ብዝተፈላለየ መልክዕ ኣብ ግብሪ ኣውዓልዎ። ማለት ኣብ ምድሪ ይሁዳ ምስ ባህሊ ኣይሁድ ኬሰማምዕዎ እንከሎዉ ኣብ ምድሪ ኣረማውያን እቲ ሓደ ዝኾነ ብስራት ምስ ባህሊ ኣረማውያን'ውን የሰማምዕዎ ነበሩ። ከምዚ ኢሎም እምበኣርከስ ማኅበራት ክርስትያን ብጊደኦም ብኣብነት ሐዋርያት ተመሪሖም ካብ ኣፍ ሓዋርያት ንዝሰምዕዎ ትምህርቲ ሓደ ቅርጺ ሃብዎ እዚ ከኣ ካብ ምስሌታትን ጐ.ኢ.ክርስቶስ ንእኦም ዝምልከትን ዝሰማማዕን እናመረጹ ድሒሩ ከኣ ስነ-ጽሑፋዊ መልክዕ እናልበሱ ምስ ኵነታቶምን ስሚዒቶምን ኣሰማምዕዎ። እዚ ክንብል እንከሎና ግን ትምህርቱን ፍረ ነገሩን ከየዘናብሉ ብጥንቃቔ እዮም ዝፈጸምዎ።

## ፫ ወንጌላውያን

ወንጌላውያን ክጽሕፉ ከለዉ ድሮ ክርስቶስ ካብ ዝመውት 30 ዓመት ኀሊፉ ነበረ። ከማኡድማ እቲ ዝጸሓፍዎ ብሥራት ወንጌል ካብ ኢየሱስ ናብ ሓዋርያት ካብዚኣቶም ናብ ማኅበር ክርስትያን ብቃል እናተወርሰ ገሊኡ ኣብ ንኡስ ጽሑፋት ገሉኡ ኣብ ሊጡርጊያ ገሊኡ ኣብ ትምህርትን ብሥራትን ዝጸንሖም ሓሳባት ጠርኒፎም ብዝመስሎም ኣርእስትታት እናሰርዑን እናጋጠሙን ኣብ ጽሑፍ ኣስፈርዎ። ባዕላቶም ብዝረኣይዎ ንሓዋርያትን ቀዳሞት ሰባትን ብምሕታት ይጽሓፍዎ ድኣ እምበር ካብ ካልእ ንኡስ ጽሑፋት (ሐዋርያት ኣብ ስብከቶም ዝተጠቐሙሉ ኪኸውን ይኽእል) ከኣ ከምዝቐድሕዎ ዘይከሓድ እዩ። ከመይ ተመሳሰልቲ ወንጌላውያን ቅድሚ ሐዋርያዊ ስራሕ ጐ.ኢ.ክርስቶስ ኣከታቲሎም ሰለስቲኦም ከም ሐደ መጽሓፍ ስብከት ዮሓንስ መጥመቅ፥ ጥምቀት ኢየሱስ ፥ ፈተና ኢየሱስ ኣብ ገዳመ ኣስቄጢስ ካብ ዝጽሕፉ ከምኡ'ውን *ሉቃስን ማቴዎስን* ኣብ *"ብፁዓን ኑዳያን"* ዝብል ቃላት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዝተሰማምዑ ብተወሳኺ ድማ *ወ-ማርቆስ 4፥35-43 ምስ ወ- ሉቃስ 8፥22-56* ካብ ዝሰማማዕ ግድን ካብ ሓደ መጽሓፍ ቀዲሖም ኣለዉ ወይ ከኣ ነንሕድሕዶም ተቐዳዲሖም ኣለዉ ክንብል ንኽእል። እዚ ብሰፊሑ ኣብ ካልእ ምዕራፍ ኬነጽንየ ብምኳንና ንሕጂ ወንጌላውያን ኣብ ጽሑፋቶም ኣብ ብዙሕ ብምስምማዖም ቅድሚኦም ብዝነበረ ንኡስ ጽሑፍ ተጠቒሞም ኣለዉ ምባል ይኣኽለና። ደረስቲ ወንጌል በታ ናይታ ዝነብሩላ ዝነበሩ ቤተ ክርስትያን

(ማኅበር ክርስትያን) ሊጡርጊያ እምነት ስምዒት ኣድላይነት ተመሪሖም ንኹሉ ትውፊት እናኣኽበሩ ወንጌላቶም ኪጽሕፉ እንከለዉ ብዛዕባ መለኮታዊ ሓሳብ ዝነበሮም ተመክሮን ግላዊ ስምዒትን እውን ኣየጉደልሉን። ናይ ወንጌል ስነ ጽሑፋዊ መልክዕ እንተተመልከትና ጽኑዕን ስሙርን ኣገባብ ዘይኮነስ በብግዜኡ ዝተኣኻኸበ ክፍልታትን ዝተላጋገበ ሓሳባትን ዝተቖራረጸ ኣብነታትን ዝመልኤ መጽሓፍ ኮይኑ ንረኽቦ። ወንጌል ብድኅር ትንሣኤ ክርስቶስ ስለዝተጻሕፈ ቀንዲ እምነት ቀዳሞት ክርስትያን ዝኾነ ምስጢረ ትንሣኤ ክርስቶስ ስለዝተጻሕፈ ቀንዲ እምነት ቀዳሞት ክርስትያን ዝኾነ ምስጢረ ትንሣኤ ፍሉይ ሃይማኖታዊ መልክዕ ኣልቢስዎ እዩ። ስለዚ ወንጌል ብሓፈሻኡ ሕይወት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ኪነግረና ከሎ ኣውራ ግን በቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ እምነትን ፍቕሪ ክርስቶስን ስለዘቕርበልና ዜና ድኅነት እንበር ጽሩይ ታሪኽ ኣይኮነን ክንብሎ ንኽእል።

ወንጌላውያን "ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ" (ዮሓ.20፥3) "ንሱ ጥራይ ጐይታ ምዃኑ"
(ሮሜ.10፥10) ምግላጽ እምበር ስሩዕ ታሪኻዊ ኣከታትላ ሕይወት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ንምጽሓፍን ጥልቂ ተዎሎጊያዊ ዝኾነ መጽሓፍ ንምድራስ ኣይተበገሱን።

ወንጌል እምበኣርከስ ብቅዱስ ስምዒት ሃይማኖትን ባህልታትን ዝተጻልወ እምነትን ታሪኽን ስምዒት ሰብን ድላይ ኣምላኽን ዝኅዘለ መዝገበ ድኅነት እዩ። ስለዚ'ውን ኣብ ወንጌል "ታሪኻዊ ክርስቶስ" ኣብዚ ይርከብ ኢልና ክንፈላልዮ ኣሸጋሪ እዩ።

## ኣብ ኣደራርሳ ወንጌል መተዓይይቲ መንፈስ ቅዱስ ዝኾኑ ሰባት፥

(1) ኢየሱስ ክርስቶስ ብሕይወቱን ብስራሑን (ሉቃስ 4፥1)

(2) ሐዋርያት ብምስክርነቶም ቀዳሞት ክርስትያን ብሉጡርጊያን ትምህርት (ግብ1፥8)

(3) ወንጌላውያን ማቴዎስ፥ ሉቃስ ዮሓንስ፥ ማርቆስ ብጽሕፈቶም

ኢትዮጵያዊ ርእይቶ ኣብ መቅድመ ወንጌል ከምእንረኽቦ እዚ ዝስዕብ እዩ።
"ወንጌል ብሂል በልሳነ ጽርዕ ወበትርጓሜሁ ስብከት እስመ ተሰብከ ውእቱ።
ወመሠረተ ዝንቱ መጽሐፍ ክቡር በኀበ እግዚኣብሔር ዓቢይ ወአዚዝ።
ወኮነ ሎቱ ፬ ጸሐፍት ፪ እምኔሆሙ ዘእምሐዋርያት። ወውእቶሙ ማቴዎስ ወዮሐንስ።
ወ፪ቱ እምኔሆሙ እምአርድእት ማርቆስ ወውእቱ ዘኮነ ረድኦ ለጴጥሮስ ወካልዑ ሉቃስ ወውእቱኒ ዘኮነ ረድኦ ለጳውሎስ።

ማቴዎስ ወጠና በፍልስጥየም ወፈጸማ በህንድ ማርቆስ በግብጽ ወበሮም ሉቃስ በመቄዶንያ፥ ዮውሓንስ በኤፈሶን።

## ፬ አዋልድ ሓዲሽ ኪዳን

ብ፩ይን ፪ይን ክፍለ ዘመን ዝተደርሱ ብመርሕነት መንፈስ ቅዱስ ከም ዝተደርሱን ብሐዋርያት ከምዝተጻሕፉን ተመሲሎም ምስ መጻሕፍቲ ሓዲሽ ኪዳን ዝተቐጽሩ ብዙሕ መጻሕፍቲ አዋልድ አለዉና። መብዝሕቶም ብሐዋርያት ዘይትጻሕፉ ብምኳኖም ኣብ ርእሲኡ ከኣ ትሕዝቶም ጽውጽዋይን ጽዋ ፈጠራን ዝመልአ ስለዝኾነ ቤተክርስትያን ኣብ ዝርዝር ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣይትቐጽሮምን እያ። እንተኾነ ግን ነቲ ኣብ ወንጌል ዝጐደለ ታሪኽ ኪምልኡልና ስለዝኽእሉ ሓድሓደ ጠቓሚ ነገር ይርከቦም እዩ። ንአብነት ማርያም ድንግል ብቀዳሞት ክርስትያን ክብሪ ይወሃባ ከምዝነበረን ሽም ኣቦኣን ኣዲኣን ያዕቄምን ሃናን ከምዝነበረ ኣብ ርእሲ ምፍላጥና ብዛዕባ ተልእኾ፥ ሕይወት ብዙሓት ሰማዕታት ሐዋርያትን የፍልጡና። ካብቶም ገሊኡ ክንጠቅስ፡

### ሀ/ ኣዋልድ ወንጌል፡

፩. ወንጌል ዕብራውያን (ወ=-ኤብዮናውያን) ኣብ መጽሓፍቲ ኣበው ተጠቂሱ ይርከብ።
፪. ወንጌል ናዝራውያን፥ ኣብ መወዳእታ 6ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ።
፫. ወንጌል ጴጥሮስ፥ ብ2ይ ክፍለ ዘመን ዝተጻሕፈ።
፬. ፍልመ ወንጌል ያዕቆ ፤ ብ2ይ ክፍለ ዘመን ኣብ እስክንድርያ ዝተጻሕፈ (ብዛዕባ ኢየሱስ ሕጻንን ኣዲኡን ዝዛረብ)።
፭. ወንጌል ቶማስ ብ2ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ። (ጌጋ ግነሲስ ዝሓዘ)።
፮. ወንጌል ኒቆዲሞስ፥ ብዛዕባ ሕማማት ክርስቶስ ይዛረብ።
፯. ታሪኽ ዮሴፍ ጸራቢ፥ ብ4ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ።
፰. ፍልሰታ እኖና ማርያም፥ ብ4ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ።

### ለ/ ካብ ገድሊ ሐዋርያት፡

፩. ገድሊ የውሐንስ ፥ ብ108 ዓ.ም. ዝተጻሕፈ።
፪. ገድሊ ጳውሎስ ፥ ብ180 ዓ.ም. ዝተጻሕፈ።
፫. ገድሊ ጴጥሮስ ፥ ብ2ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ።
፬. ገድሊ ቶማስ ፥ ብ3ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ።
፭. ገድሊ እንድርያስ ፥ ብ200 ዓ-ም. ዝተጻሕፈ።
፮. ገድሊ ሐዋርያት ፥ ብ2ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ።
፯. ገድሊ ጴጥሮስን ጳውሎስን ፥ ብ3ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ።

## ሐ/ መልእኽቲ ሐዋርያት፡

፩. መልእኽቲ ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ንአጋሮብስ ንጉሥ ኤደሳ መልሲ ንጉሥ አጋሮብስ ንጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ን2ይ ዘመን ዝተጻሕፈት።
፪. ንግግር ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ንሐዋርያቱ ብ180 ዓ.ም. ኣብ እስክንድርያ ዝተጻሕፈት።
፫. መልእኽቲ ጳውሎስ ንሰብ ላውዲቅያ ፥ ብ4ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈት።
፬. 3ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንጦስ መልሲ ሰብ ቆሮንጦስ ንጳውሎስ፥ ብ170 ዓ.ም- ዝተጻሕፈት።
፭. መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰነካ መልሲ ሰነካ ንጳውሎስ፥ ብ4ይ ክ-ዘመን ዝተጻሕፈት።

## መ/ ራእያት (አቡቀለሚሳት)፡

፩. ራእይ ጴጥሮስ ፥ ብ2ይ ክ- ዘመን ዝተጻሕፈ።
፪. ራእይ ጳውሎስ ፥ ብ3ይ ክ- ዘመን ዝተጻሕፈ።
፫. ራእይ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ፥ ብ7-9 ክ-ዘመን ዝተጻሕፈ።
፬. ራእይ ቶማስ።
፭. ራእይ በርቶሎመያስ ወ.ዘ.ተ…።

ብዘይካ እዚ ዝተጠቕሰ ዝርዝር ናይ ሓድሽ ኪዳን መጽሓፍ ኣዋልድ ኣብ ወንጌል ዘይተጠቕሰ ቃላት ጐ.ኢ.ክርስቶስ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ጥንቲ ጽሑፋት ዝርከብ "ኣግራፋ - ዘይተጻሕፈ" ብዝብል መጸውዒ ዝፍለጥ ጥቕስታት ኣሎ። ወላ እኳ ኣብ ወንጌል እንተዘይተጠቕሰ ኣብ ካልእ መጽሓፍቲ ሓድሽ ኪዳንን ድርሳናት ኣበውን ጥንታውያን ጽሑፋት ወንጌልን ስለዝርከብ ዮሓንስ ኣብ (21፡25) ከምዝብሎ ብወንጌላውያን ኣብ ጽሑፍ ዘይሰፈረ ቃል ጐ.ኢ.ክ. ኪኸውን ይኽእል እዩ'ሞ ምፍላጡ የድሊ።

## ሠ/ ኣግራፋ - ዘይተጻሕፈ ቃል፡

፩. ግብ.1፡ 4-8 ቅድሚ ዕርገቱ።
፪. 1ቆሮ. 11፡ 24-25 ኣብ ምሴተ ሐሙስ።
፫. 1ቆሮ. 4፡ 15 ብዛዕባ ምጽኣት ጐይታና።
፬. ግብ. 20፡ 35 "ካብ ምቕባልሲ ምሀብ ኣዝዩ ይባርኽ"።
፭. ራእ.ዮሓ. 12፡ 15።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ጥንታዊ ብራና (ወንጌል ሉቃስ 6-4) ከምዚ ይብል፡ በታ መዓልቲ ብዕለት ሰንበት ኢየሱስ ንሓደ ሰብአይ ኪሠርሕ ስለዝረኣዮ ከምዚ በሎ *"ኣታ ሰብአይ እቲ እትገብሮ ዘለኻ ይርድኣካ እንተደኣ ኮይኑ ብጹእ ኢኻ ከይተረድአካ እንተጌርካዮ ግን ዝተረገምካን ጠሓሲ ሕግን ኢኻ"*።